# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.54 | ሰንበት 2 ሕዳር 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ኣብነታውያን ደቂ ኣንስትዮ መለብሶ



ገጽ 4
ተመኩሮ ርብዒ ዘበን ቤት ...



ገጽ 5
እቲ ኣልእ ገድሊ ንናጽነት



ገጽ 7
"ኣቦታትና ዘረከቡና ባህሊ ...




# ደቡብ - ኣብ ውድድር ስነ ጥበብ ዝተዓወቱ ሸልማት 'ኣውራ' ተዓዲሎም





ብክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡብ ተማእኪሉ ዓመታዊ ዝካየድ ውድድር ስነ ጥበብ ንሽልማት 'ኣውራ' ናይ 2025፡ ኣብ ከተማ መንደፈራ - ኣዳራሽ ኩዶሕንቖሽ ተኻይዱ።

ኣብ'ቲ ካብ 29 ክሳብ 31 ጥቅምቲ ዝተኻየደ መደብ፡ በብዝንኣሳን ዞባኦም ተመማዋም ዝቐረቡ ተሳተፍቲ፡ ብስነ-ግጥሚ፡ ማሲን መልቀስ፡ ያታዊ መሳርሒት መዚቃ ሻምብቆ፡ ቅብኣ፡ ድግማ ደርፍን ትልሂትን ተወዳዲሮም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ ኣብርሃም የውሃንስ ኣብ ዝሃቦ መኽፈቲ ቃል፡ ዕላማ'ቲ መደብ፡ ብሉጽ ዓቕምን ብቕዓትን ዘለዎም ስነጥበበውያን ኣለሊኻ፡ ኣብ ንጥፈታት ስነጥበብ ዞባን ሃገርን ኣበርክቶ ንኽገብሩ ምትብባዕ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ዓመት መጸ ሓያሎ ውድድራት ይውሰኾ ከምዝኾነ፡ ዝቢ ንምድራዕ ድማ በብዓውዱ ስልጠናታት ከምዝውደብ ኣብሪሁ።

ኣቦመንበር ኣወሃሃዲት ኮሚቴ ስነጥበባዊ ውድድር ንሽልማት 'ኣውራ' ኣቶ ግርማይ ገብሩ፡ ንዝተጋህደ ሓያልን ድኹምን ኩነታት ንእሳን ዞባታት ብዝርዝር ኣብ ዝገለጸሉ፡ ኣብ ገለ ውድድራት ዝተራእየ ምትሕውዋስ ትሕዝቶ፡ ኣብ መጻኢ ክእረም ተላቢዩ።

ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሌተናል ኮሎኔል ሳሙኤል ተኽለ ብወገኑ፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ተካእቲ መንእሰያት ስነጥበበውያን ብቕዓቶም ዘንጸባርቑሉ ውድድር ብምጥቃስ፡ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ካብ ዝመጽእ ዓመት ኣበርክቶ ከምዝገብር ቃል ኣትዩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን፡ ግቡእ መጸናዕቲ ብምክያድ መሳጢ ትሕዝቶ ዝቐረቡ ኣመስጊኑ።

ኣብ መወዳእታ፡ በብዓውዱ ዝተዓወቱ ስነጥበበውያን ክሽለሙ ከለዉ፡ ንእሽ ዞባ ደቀምሓረ ንብሉል ብምኻኑ ዘዋሪት ሽልማት 'ኣውራ' ካብ'ታ ንክልተ ዓመት ዝሓተረታ ንእሽ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ተቐቢላታ።

ሽልማት 'ኣውራ'፡ ኣብ 2019 ዝፈለመ ዞባዊ መደብ እዩ።

# ባጽዕ - ንቕሓት መንእሰያት ሰራሕተኛታት ዘበርኽ ስልጠና ተኻይዱ



ሓላፊ ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ጨንፈር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ሃብተማርያም ተስፋሚካኤል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ምሕያል ኩለንትናዊ ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ማእከል ብምግባር፡

ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ጨንፈር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ንቕሓት መንእሰያት ሰራሕተኛታት ንምብራኽ ዝዓለመ፡ ካብ መንግስታዊ ትካላት ባጽዕን ጊንዳዕን ንዝተዋጽኡ መንእሰያት ሰራሕተኛታት፡ ካብ 28 ክሳብ 30 ጥቅምቲ ስልጠና ወሂቡ።

እቲ ኣብ ማሰልጠኒ ማእከል ሰራሕተኛታት ባጽዕ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ተራ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ኣብ ወህሉ መድረኻዊ ተልእኾ፡ እወታዊ ኣመለኻኽታ፡ ነፍሲ ግዝእ፡ ኣገዳስነት ራእይ፡ ዕላማን ውጥንን፡ ከምኡ'ውን ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ብደሆታት ደቂኣንስትዮ ኣብ ቦታ ስራሕን ኣፈታትሓኡን፡ ከምኡ'ውን ሕጊ ዕዮ ኤርትራን ካልእን ዘጠቓለለ ነይሩ።




ዝተፈላለየ ስልጠናታት በብእዋኑ ክውደብ ምጽንሑ ብምግላጽ፡ ስልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ ቦታ ስራሕ ብግቡእ ክጥቀሙሉ ተላቢዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ጨንፈር ሃሰሌ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ኣብ መሰረታዊ ኣምራት ምሕደራን መራሕነትን፡ ድሕረ-ባይታ ሃሰሌን ኣገዳስነት ውዳበ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሓብራዊ ዘተን ሓብራዊ ውዕልን ዘተኮረ ስልጠና፡ ካብ 17 ክሳብ 19 ጥቅምቲ ንመራሕቲ መሰረታዊ ማሕበራት ከምዝሃበ ተፈሊጡ።

# መስርሕ ምዝርጋሕ መስመር ኤለክትሪክ ዓዲ-ቐይሕ - ጸሮና ብጽቡቕ ይሰላሰል

ብተሳትፎ ህዝቢ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ኮርፖረሽን ኤለክትሪሲቲን ዝዕመም ዘሎ መስርሕ ምዝርጋሕ መስመር ኤለክትሪክ ዓዲ-ቐይሕ - ጸሮና፡ ብጽቡቕ ይሰላሰል ኣሎ።

መራሒ ስራሕ ኮርፖረሽን ኤለክትሪሲቲ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ደቂሊፋይ ኣቶ ይርጋኣለም ኣስመላሽ ንኤሬና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ካብ መፋርቕ ወርሒ ሰ 2025 ጀሚሩ ዝዝርጋሕ ዘሎ መስመር ካብ ዓዲ-ቐይሕ ናብ ሓወሲ ከተማ ጸሮና ከም ዝኸይድ ብምሕባር፡ ምኽዕዋት ጉናጉዲን ምትካል ዓንድታትን ከምኡ'ውን ምዝርጋሕ ገመድ ከምዝጠቓለለ ኣፍሊጡ።

እቲ ስራሕ ኣብ ኣጻድፍ ኣዝዩ በዳሂ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሳላ ደገፍ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ህዝብን ግና ዕወት ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣዚ. ብርጌድ ወልዳት ዘርኣይ ብወገኑ፡ እቲ ልምዓታዊ መደብ ኣካል ናይ'ቲ ብደረጃ ሃገር ዝሰላሰል ንጥፈታት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል ንምዕዋቱ ወትሩ ድልዋት ምዃኖም ኣረጋጊጹ።

# ሃማደኤ ጨንፈር ዞባ ማእከል፡ ንወከልቲ ሚኒስትሪታት ሰሚናር ኣካየዱ

ሃገራዊ ማሕበር ደቀኣንስትዮ ኤርትራ ጨንፈር ዞባ ማእከል፡ ንቕሓት ኣባላት ብምብራኽ ውዳቤ ማሕበር ንምስፋሕን ንምድልዳልን፣ ከምኡ’ውን ተሳታፍነት ኣባላት ንምዕዛዝ ዝዓለመ ሰሚናር፣ ብ30 ጥቅምቲ ንወከልቲ ሚኒስትሪታትን ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ወሃበ።

ሓላፊት ፖለቲካውን ውድባውን ጉዳያት ወ/ሮ ኤልሳ ወልደጋብር ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ኣባላት ንህልው ብደሆታትን ጠለባትን ሃማደኤ ኣብ ግምት ብምእታውን ንዘለዉ ዕድላት ልዑል ኣቓልቦ ብምሃብን፡ ኣሰራርሓ ማሕበር ንምምዕባል ኣብ ዝሕግዝ መዳያት ተራኦን ክጻወታ ኣዘኻኸረ።

ኣባላት ቦርድ ሚኒስትሪታት ብወገነን፡ ተሳተፍቲ ንተራ ኤርትራውያን ደቀኣንስትዮ ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት፣ ከምኡ’ውን ኣመጻጽኣን ኣቃውማን ማሕበር ተረዲአን ሕሉፍ ተመኩሮታት ንምሽላዕ ኣበርቲዐን ክሰርሓ ተላበዋ።






ኣብ መወዳእታ፡ ተሳታፍቲ ደቀኣንስትዮ ንምዕባይ ዝቐደድ መደባት ብዝሓየለ ክቕጽል፣ ስልጠናታት ብጠዚሒ ክውደብ፣ ደቀኣንስትዮ ብትምህርቲ ዝዕብያሉ መደባት ክሕንጸጽ፣ ምስ ሓለፍቲ ሃማደኤን ካልኦት ኣካላትን ቀጻሊ ርክባት ክካየድ፣ ዝብሉን ካልእን ለበዋታት ቀረቡ።

# ማእከል - ስነ ጥበባዊ መደባት ንምምዕባል ዝሕግዝ ዓውደ-ዘተ ተወዲቡ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ሃገራውያን በዓላትና ንምድማቕ ዝቐርብ ስነ-ጥበባውን ባህላውን መደባት ብዓይነትን ትሕዝቶን ንምምዕባል ዝሕግዝ ዓውደ-ዘተ፡ ብ30 ጥቅምቲ ኣብ ኣዳራሽ ምምሕዳር ዞባ ተኻየደ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ ኣስመሮም ጸጋብርሃን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዕላማ’ቲ ዓውደ-ዘተ፡ ብምኽንያት ሃገራዊ ጽንብላት ዝዳሎ ስነ-ጥበባዊ መደባት ብልጫታቱ ተዓቂቡ ዝርአ ድኻማት ብምውጋድ፡ ኣብ መጻኢ ዝተማረኸ ናብ ወለዶታት ዝሰጋገር




ዕዮ ንምስልሳል ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ 16 መዛተዪ ጽሑፋት ቀረቡ።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ንመጻኢ ኣብ ዝዳሎ መደባት ኣበርክቶ ዝገብር ሃናጺ ሓሳባትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ኣብ ዝቐረበ መዛተዪ ጽሑፋት ምርኩስ ብምግባር፡ መምርሒ ስራሕ ሂቡ።

# ኣብ ሆስፒታል ሓሊበት ብዓይነቱ ፍሉይ መጥባሕቲ ዓጽሚ ተሰላሲሉ

ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ሓሊበት፡ ኤርትራውያን ሞያውያን መጥባሕትን ካብ ጀርመን ዝመጹ ኣባላት ጉጅለ ሓካይም ‘ኣርከመድ’ን ዝተሳተፍዎ፡ ፍሉይ ክእለት ዝሓትት መጥባሕቲ ዓጽሚ፡ ካብ 25 ክሳብ 31 ጥቅምቲ ተኻየደ።

እቲ መጥባሕትን ፊዝዮተራፒን ዘጠቓልል ኣገልግሎት፡ ኣቐዲሞም መርመራ ዝተኻየደሎም - ብሰንኪ ሓደጋ ዝሰዓበ ማስበርትን ተፈጥሮኣዊ ምምዛባል ኣዕጽምትን ንዘለዎም፡ ከምኡ’ውን ህጹጽ መጥባሕቲ ዝደልዩ ትሕቲ 15 ዓመት ዝዕድመኦም 25 ዜጋታት ከምእተኻየደ፡ ኣብ’ቲ ሆስፒታል ሓላፊ ክፍሊ ዓጽምን ጅማውትን ዶ/ር ዮኤል ኣብርሃም ገሊጹ።

ኣባላት ጉጅለ ሓካይም መጥባሕቲ ‘ኣርከመድ’፡ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ እናመጹ፡ ብፍላይ ኣብ መጥባሕቲ ኣዕጽምቲ ትሕቲ-ዕድመ ናይ ምልውዋጥ ተመኩሮን ናውትን ደገፍ ከምዝገብሩ ዝሓበረ ዶ/ር ዮኤል፡ ምስ ቀጻሊ ተሓከምቲ፡ ድሩትነት ግዜን ብደሆታት ትሕተ-ቅርጽን ዝምስገን ውጽኢት ከምዝለዎ ኣብሪሁ።

ነርስ ውዓሽ ተስፋይ ብወገና፡ ደገፍ ናይ’ቲ ጀርመናዊ ጉጅለ፡ ነቲ ምስ ብዝሒ ተሓከምቲ ዘሎ ክበደት ናይ’ቲ ዕማም ኣጉዲሱ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ኤርትራውያን ሞያውያን ንዘቕሰምዎ ተመኩሮን ምስትግጋር ቴክኖሎጂን ብዝበለጸ ንኽሰርሕሉ፡ ኣድላዪ ባይታ ከጥጥሕ ተላበየት።

ወኪል ጉጅለ ሓካይም መጥባሕቲ ‘ኣርከመድ’ ነርስ ክሰኛ ሸታድልኣባ ብወገና፡ ምስ ሕክምና ኣዕጽምቲ ኣብ ዝዕመድ ፍሉይ ናይ መጥባሕቲ ክእለት




ሓገዝ ከምዝሃቡ ብምጥቃስ፡ ተመሳሳሊ ንጥፈታት ኣብ ምልውዋጥ ፍልጠትን ተመኩሮን ልዑል ግደ ስለዘለዎ፡ ኤርትራውያን ሞያውያን ኣብ መጻኢ ነፍሶም ክኢሎም ንኽኻየዱ ደስራሕ ከምዘሎ ሓቢራ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊስ. 125013 - ቊሳጶ. 1284


# ፕሮጀክት ሕርሻ ተሰነይ-ዓሊግድር፡ ዕዉት ፈተነ ዘርኢ ሱፍ ኣካየዱ

ኣብ ፕሮጀክት ሕርሻ ተሰነይ - ዓሊግደር ዕዉት ፈተነ ዘርኢ ሱፍን ማስርሕ ምድቓል ምሩጻት ኩበትን ተኻይዱ።

ኣካያዲ ስራሕ’ቲ ፕሮጀክት ኣቶ ዳዊት ኣብርሃ ንኤረና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ፕሮጀክት ሕርሻ ተሰነይ - ዓሊግደር ብሓገዝ መእለዩ ውሕጅ ዝቐርብ ክረምታውን ማስኖኣውን ሕርሻ፣ ምርባሕ ናይ ጻባ ስጋን ኩበትን ጠሊብገዶ፣ ከምኡ’ውን ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ከምዘጠቓልል ብምጥቃስ፡ ኺ-ኺዚ ምሩጻት ዓሌታት ኩበት ብምድቓል ብርኩት ምህርቲ ጻባን ስጋን ዝህባ ኩበት ከምዝፈርያን ኣተባቢዒ ውጽኢት ዝተረኽበ ፈተነ ዘርኢ ሱፍ ብክረምታዊ ዝናብ ከምዝለምዐን ገሊጹ።

ሎሚ ዓመት ኣብ 40 ሄክታር ዝተዘርአ ሱፍ ብዘይ ደገፍ ማስኖ ጸቡቕ ከምዝለምዐ ዝጠቐሰ ኣቶ ዳዊት፡ ብመልክዕ ዘይቲ ተመስሪሑ ንዘቤታዊ መዓላ ክውዕል ዘኽእል ብምዃኑ፡ ብሰፊሑ ንምትእትታዉ ደስራሕ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣብ ፕሮጀክት ሕርሻ ተሰነይ - ዓሊግደር ሓላፊ ኣሃዱ ሃብቲ እንስሳ ኣቶ ኣሮን ክፍለ ብወገኑ፡ ብውሑድ ቁጽሪ ዝጀመረ ማስርሕ ምፍራይ ናይ ጻባን ስጋን ኩበትን ጠሊብገዶ፡ ማስርሕ ምድቓል ተወሲኽዎ ቁጽሪ ኩበት 100፣ ቁጽሪ ኣጣሎ ድማ 500 በጺሑ ምህላዉ ሓቢሩ።

ኣብ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ዝተመደቡ ክኢላታት ሃብቲ እንስሳ፡ ኣብ ዝቐረበ ዘሎ ማስርሕ ምድቓል ኩበት ዕዙዝ ኣበርክቶ ይገብሩ ምህላዎም ብምግላጽ፡ ካብ 2020 ጀሚሩ ካብ ክልተ ዓሌታት 53 ናይ ጻባን ስጋን ኩበት ከምእተዳቐላ ሓቢሩ።

# ኣብነታውያን ደቂ ኣንስትዮ መለብሶ

ማርታ ክብሮም

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

ስእሊ - ኣቤል በረኸት

*ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ክፋል ምስ ክልተ ካብ ከርቲ ምምሕዳር ከባቢ ማሉብሶ ካብ ባዶ ተበጊሰን ናብራኣን ክቕይራ ዝኸኣላ ኣብነታውያን ደቂ ኣንስትዮ ዘለዊ ትሕዝቶ ኣቕሪብናልኩም ነይርና። ኸሎሚ ድማ ሓዳርን ምዕባይ ቆልዑን ከይዓገተን ነቲ ኣቋሪጸንኦ ዝነበራ ትምህርቲ ብምቕጻል ትምህርተን ብዓወት ክዛዝማ ምስ ዝኸኣላ ኣብነታውያን ደቂ ኣንስትዮ ማሉብሶ ዘዘርናዮ ዕላል ኢና ክነቕርበልኩም። ምሉእ ትሕዝቶኡ ይስዕብ–*

ሙና ያሲን ዑመር ትበሃል። ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኦሮታ - ንኡስ ዞባ ኣሶማጥ ተወሊዳ። ድሕሪ ናጽነት ድማ ምስ ስድራ ቤታ ናብ ንኡስ ዞባ ሓልሓል መጺኣ። ሙና ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻውዓይ ክፍሊ ኣብ ሓልሓል ድሕሪ ምምሃር፣ ቤት ትምህርቲ ሓልሓል ሻሙናይ ክፍልን ልዕሊኡን ተምሃሮ ብዘይ ምንባሩ ትምህርታ ንምቕጻል ናብ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ደቀምሓረ እያ ኣምሪሓ።

ንሳ ነቲ ሽዑ ዝነበረ ኩነታት ክትገልጽ ከላ፦ “ኣብ ደቀምሓረ ትምህርቲ ጀሚረ ጽቡቕ እናሰራሕኩ ከለኹ፣ ኣብ ካልኣይ ዓመተይ ማለት ታሽዓይ ክፍሊ ምስ ጀመርኩ ኣደይ ስለ ዝሓመመት ናብ ገዛይ ተመሊሰ። ብድሕሪኡ ኣደይ ዝኣልያ ሰብ ስለ ዘይነበረ ናብ ትምህርቲ ክምለስ ኣይከኣልኩን። ካብታ ዘቋረጽኩላ ድሕሪ ዓመት ግን ኣብ ሓልሓል ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ስለ ዝተኸፍተት፣ ኣብኡ ክሳብ 11 ክፍሊ ተማሂረ።”

ሙና ቀጺላ፦ “ወላ’ኳ ናይ 11 ክፍሊ ትምህርተይ ክዛዝም እንተ ከኣልኩ፣ ነገር ንእስነት ኮይኑ ሳዋ ምኻድ ኣብየ። ኣደይ ብዙሕ ለሚናትኒ ከተእምነኒ ጸዓራ፣ ኣነ ግና ኣብቲ ግዜ ጥቕሚ ትምህርቲ ብዝግባእ ኣይተረደኣንን ነይረ” ትብል።

ብሰንኪ ግቡእ ዘይምርዳእ ሳዋ ካብ ምኻድ ዝሓንገደት ሙና፣ ኣብ 2007 ንሰለስተ ወርሒ ግቡእ ታዕሊም ድሕሪ ምውሳድ ኣብ ዓላ ተመዲባ እያ ሃገራዊ ግቡኣ ክተማልእ ጀሚራ። ድሕሪ ክልተ ዓመት ናይ ምጥያስ ዕድል ስለ ዝረኸበት፣ ናብቲ ዝዓበየትሉ ብምምላስ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ሓልሓል ክትሰርሕ ጀሚራ።

“ድሕሪ ምጥያሰይ፣ ቁሩብ ጸኒሐ ተመርዕየ ናብ ማሉብሶ እየ መጺአ። ኣርባዕተ ደቀይን ሓዳረይን እናመራሕኩ ከለኹ ኣብ ማሉብሶ ምሸታዊ ትምህርቲ ስለ ዝጀመረ ከባቢ 18 ደቂ ኣንስትዮ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትና ንምቕጻል ክንመሃር ጀሚርና። ኣነ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቲ እየ ጀሚረ። እቲ ትምህርቲ ጽቡቕ ዝነበረ እዩ ነይሩ። ቀዳመሰንበት ናይ ንግሆን ናይ ምሸትን ከይተረፈ ኢና ንመሃር ነይርና።”

ሙና ወላ’ኳ ምስ ሓዳርን ቆልዑን ትምህርቲ ክትቅጽል ከቢድ ከም ዝነበረ እንተ ገለጸት፣ ህጻናት ደቃ ምስ ስድራን ጎረቤትን እናገደፈት ግና ናይ 12 ክፍሊ ትምህርታ ብዓወት ድሕሪ ምዝዛም ኣብ 2020 ኣብ ሓጋዝ ናይ 12 ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ገይራ።

ሙና ኣቐዲማ’ውን ጎደኒ ጎደኒ ትምህርታ ኣብ ኮማዊ መውዓሊ ህጻናት ማሉብሶ ብጉም ንወርሒ 300 ናቕፋ እናተኸፍለት ከም መማህር ተቖጺራ ክትሰርሕ ጀሚራ ነይራ። ትምህርታ ድሕሪ ምዝዛማ ግና ብደረጃ መንግስቲ ብስሩዕ ደሞዝ ኣብታ ካብ ኮማዊ ናብ ስሩዕ ዝተቐየረት መውዓሊ ህጻናት እናመሃረት ደቃ ተዕቢ ከም ዘላ ትገልጽ።

ኣብ 2023 ኣብ ኮሌጅ ዓዲ ቐይሕ ኣብ ኣገባብ ምምሃርና ዘተኰረ ንኽልተ ወርሒ ዝወሰደቶ ስልጠና ድማ ኣዝዩ ከም ዝጠቐማ ተረዲኣ።

ሙና ኣገዳስነትን ጥቕምን ትምህርቲ ክትገልጽ ከላ፦ “ኣነ ኣብቲ መጀመርታ ትምህርተይ ምቁራጸይ ኣዝዩ እዩ ዘጣዕሰኒ። ቀደም ትምህርተይ ክቕጽል ብዙሕ ተለሚነ እየ። ደሓር ግና እታ ትምህርቲ ደልየያ ቆልዓ ሓዚለ ክመሃር ድማ ተገዲደ። ብዘይካ’ዚ ትምህርቲ ኣእምሮኻ ናብ ካልእ ከይተኸፋፈለ ናጻ ኮይንካ ክትመሃሮ ከለኻ እዩ ጥዑም” ድማ ትብል።

ንሳ ቀጺላ፦ “ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ወላ ናብ ኮሌጅ ዘእቱ ነጥቢ ኣይተማህጽኩ ሳዋ ክትወርድ ኣይሳቓዩ ኮይኑ ይስምዓኒ። ነጥቢ ተኸሲርካ ነታ 12 ክፍሊ ትምህርትኻ ግና መኸተምታ ክትገብረላ ኣሎካ። ሕጂ ንኹለን ደቂ ኣንስትዮ ኣሓተይ ከመሓልፈለን ዝደሊ መልእኽቲ እንተሎ ድማ ብዝኾነ ምኽንያት ትምህርተን ከየቋርጻ እዩ። እቲ ምንታይ ዝተማህረት ጓል ኣንስተይቲ ኮሪዓን ርእሳ ኣቕኒዓን እያ እትኸይድ።


ሙና ያሲን ዑመር

ከም’ኡ’ውን ጓል ኣንስተይቲ ምስ እትመሃር እያ ምህሮ ሕብረተሰብ ክተፍሪ እትኽእል። በዚ ኣጋጣሚ ድማ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ጎደኒ ደቀን ብምዃን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ካልእ ድሑር ልምድታትን ኣወጊዶም ትምህርተን ንኽቕጽላ ክተባብዕወን እየ ዝላቦ” ብምባል ምዕዶኣ ለጊሳትልና።

ቀጺልና ዘዕለልናያ መናል እድሪስ እያ። ኣብ ማሉብሶ ተወሊዳ ኣብኡ ድማ ዓብያ። ካብ ቀዳማይ ክሳብ 11 ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርታት ማሉብሶ ድሕሪ ምምሃር፣ ኣብ 2015 ኣብ መበል 18 ዓመታ ተመርዕያ። መናል ብዓልቲ ሓዳርን ኣደ ሰለስተ ቆልዑን እያ።

መናል ኣብ 2019 ናይ 12 ክፍሊ ትምህርታ ብመገዲ ምሸታዊ ትምህርቲ ክትዛዝም ዝኸኣለት ኣብነታዊት ጓል ኣንስተይቲ እያ። ኣብ 2020 ኣብ ሓጋዝ ናይ 12 ክፍሊ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ብምግባር ናይ ሰርቲፊኬት ነጥቢ ኣምጺኣ። ድሕሪዚ ድማ ኣብ መዋእለ ህጻናት ማሉብሶ ከም መማህር ተቖጺራ ክትሰርሕ ጀሚራ ትርከብ።

ንሳ ኣብ ዓዲ ቐይሕ ንኽልተ ወርሒ ንምሂሮታት ኣመሃህራ ዝምልከት ስልጠና ከም ዝወሰደት ድማ ትገልጽ።

መናል ንኩነታት ትምህርታ ክትገልጽ ከላ፦ “ናይ 12 ክፍሊ ትምህርተይ ምስ ጀመርኩ፣ እቲ ቀደም መጀመርታ ምቁራጸይ ብዙሕ እዩ ኣጣዒሱኒ። ምኽንያቱ ኩሉ ግዜ ብንኡሰይ ትጉህቲ እዩ ጥዑም፣ ‘ብኻ ሽዑ ትምህርተይ ወዲአ’ ይብል ነይረ። ምኽንያቱ ደቀይ ኣብ እንዳ ሓሞይ እናገደፍኩ፣ ትምህርቲ ይመሃር ስለ ከኣ ይሰርሕ ነይረ። እቲ ህይወት ቁሩብ ክብድ ዝበለ እዩ ነይሩ።”

ንሳ ቀጺላ፦ “ምዝዛም ናይ ምሸታዊ ምስ ተጀመረ፣ ሓወይ ንዓይ ከይሓተተ እዩ ኣመዝጊቡኒ። ኮታስ ኩሎም ኣባላት ስድራይ


መናል እድሪስ ኢብራሂም

ሓዳርን ቆልዑን ከይዓንቀፈኒ ትምህርተይ ክቕጽል ምሉእ ምትብባዕን ሓገዝን ይገብሩለይ ነይሮም” ትብል።

ኣብ መወዳእታ፣ ኩሉ ሰብ ብፍላይ ድማ ደቂ ኣንስትዮ ኣገዳስነትን ጥቕምን ትምህርቲ ብምርዳእ ብዝግባእ ክመሃራን ክጽዕታን ኣዘኻኺራ።

## ዜና

# ደቡብ - ሓረስቶት ዝኣኸሉ ዘራእቶም ተቐላጢፎም ክእክቡ ጻውዒት ቀረቡ

ኣብ ዞባ ደቡብ፣ ብጻዕሪ ሓረስቶትን ህጡር ክረምትን ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ዝበጽሐ ዘራእቲ ብርከት ምህርቲ ምእንቲ ክሕፈስ፣ ሓረስቶት ብእጋ ምህርቶም ክእክቡ፣ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ኣቶ የማነ ኣብይ ጸዊዑ።

ንኢሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፣ ኣቶ የማነ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ዘራእቲ ጽቡቕ ከምዝፈረየ ብምሕባር፣ ዘለናዮ ወቕቲ ኣእኽል ዝበስሉን ዝጽደሉን ስለዝኾነ፣ ሓረስቶት ዘለዎም ንምእካብ ክጻዕሩ፣ ኑዮም ናይ ጉልበት ደገፍ ዘድልዮም ወገናት ድማ ወፈራታት ክውደበሎም ተማሕጺኑ።

ሎሚ ዘበን ዝናብ ኣዝመራ ከምዝዩከበረ፣ ካብ መፋርቕ ወርሒ ሰነ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ መስከረም ግና ሰፊሕ ዝርግሐ ዝበርኾ ብርቱዕ ዝናብ ኣብ ኩለን ንኡስ ዞባታት ስለዝዘነመ፣ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ዝዘዘርኦ ኩሉ ጽቡቕ ከምዝሰሰነ ኣብሪሁ።

ብደረጃ ዞባ ልዑል መጠን ዝናብ ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ 1035 ሚሊ-ሜተር፣ ዝተሓተ ድማ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ 567 ሚሊ-ሜተር ከምዝዘበረ ዝጠቐሰ ኣቶ የማነ፣ ሓረስቶት ኣቐዲሞም ግራውቶም ብዝግባእ ስለዝዓለዉ፣ ጥቡ ዝበለት ማይ ኣብ መዓላእ ከምዝዘወዓለት ሓቢሩ።

ብሓፈሻ ካብ ዝተሓርሰ 159 ሽሕ ሄክታር፣ እቲ 81 ሚእታዊት ኣእኽል፣ 17 ሚእታዊት ጥረታት፣ ዝተረፈ ድማ ናይ ቅባእ ኣዝርእቲ ከምዝሸፈነ ብምሕባር፣ ሓላፊ ኣብ ደንሽ ዝተራእየ ሕማማት ጉዳፍቱ ዝተኸስተ ባልዓትን ሕማማትን ከም ዘይነበረ ገሊጹ።

ብዘይካ’ዚ፣ ኣብ ምድንፋዕ እቶት ዝውዕል ልዕሊ 500 ኩንታል ምሩጽ ዘርኢ ስርናይን




140 ኩንታል ዝተዓቐለ ምሩጽ ዘርኢ ዕፉንን ንኣብነታውያን ሓረስቶት ከም እተዓደለን ጽቡቕ ወጽኢት ተረኺቡዎ ከምዝዘሎን እውን ኣብሪሁ።

ኣቶ የማነ ኣብ መወዳእታ፣ ሓረስቶት ኺ-ኺ’ቲ ኣብ ምእካብ ምህርቲ ዘጋይድዎ ጻዕራ ተረፍ ምህርቲ’ውን ብግቡእን ውሕሉል ኣገባብን ክእክቡ ኣዘኻኺሩ።

# ደቡብ - ሳዕቤናት ኤሌክትሮኒካዊ ጓሓፍ ንምውጋድ ክሰራሕ ጻውዒት ቀረቡ

ኤሌክትሮኒካዊ ጓሓፍ ኣብ ጥዕና ሰብ፣ እንስሳን ኣከባብን ዘኸትሎ ሳዕቤናት ንምውጋድ ክሰራሕ፣ ኣብ ዞባ ደቡብ ሓላፊ ጨንፈር ኣከባቢ ኣቶ ተኪኤ ተኽለሚካኤል ጸዊዑ።

ኣብ ሃገርና ኣብ’ዚ እዋን’ዚ፣ ንኣገልግሎት ኣብያተ-ጽሕፈትን መራኸቢታትን፣ ንዘቤታዊ ኣገልግሎት፣ ከም’ኡ’ውን ንጽዓትን ካልእን ዘገልግል ዝተፈላለየ ዓይነታት ኤሌክትሮኒካዊ ንብረት ብብዝሒ ከምዝኣቱ፣ እዚ መሳርሒታት’ዚ ኣብ ውሽጡ ሓደገኛ ባእታታት ስለዝርከቦ፣ ኣገልግሎቱ ወዲኡ ካብ ስራሕ ወጻኢ ኣብ ዝኾነሉ፣ ብግቡእ ዘውገዱ መገዲ ክናደ ተላቢዩ።

እዞም ባእታታት ፍሉይ ባህሪ ዘለዎም ኮይኖም፣ ተፈንጀርቲ፣ ተቓጸልቲ፣ ተጥላዕቲ፣ መርዛማት፣ ጸርጉንጠፋትን ጨረርታዊ ባህሪ ዘለዎምን ኮይኖም፣ ምስ ካልኦት ባእታታት ብቐሊሉ ናይ ምውህሃድ ባህሪ ስለዘለዎም ሓደጋ ከስዕቡ ከምዝኽእሉ ወሲኹ ኣፍሊጡ።

ኤሌክትሮኒካዊ ጓሓፋት፣ ንደቂ-ሰብ ንዝተፈላለየ ሕማማት ከም መንሽሮ፣ ልቢ፣ ረኽሲ ኩሊትን ሳንቡእን ዝሕታተለ ምዕባለ ኣእምሮ፣ ምዝንባል ስርዓተ ዙረት ደምን ስርዓተ መፍረን፣ ኣዝዮም ምዝንባል ሆርሞናትን ምስንኻል ዕቤት ሰብነትን ዘቃልዑ፣ ኣብ ኣከባቢ ድማ ብኻልእ ኣየርን ምንጪታት ማይን ከም’ኡ’ውን ምድኻይ መሬት ከምዘኸትሉ፣ ኣቶ ተኪኤ ብዝወሃኸ ኣብሪሁ።

ኤሌክትሮኒካዊ ኣቕሑት ቅድሚ ኣብ ጥቕሚ ምውዓሎም ብዝዕበኦም ዝጸሓፍ ሓበሬታ ብግቡእ ኣንቢብካ ምርዳእን ምኽታሉን ኣገዳሲ ምዃኑ ዘዘኻኸረ ኣቶ ተኪኤ፣ ብፍላይ ባትሪታት ናይ ምትኳስ ባህሪ ስለዘለዎም፣ ረሲኒ ኣብ ዘለዎ ቦታ ከይቅመጡ፣ ምስ ካልኦት ዘቤታውያን ጓሓፋት ከይሕወሱ፣ ከም’ኡ’ውን ካብ ህጻናትን ምንጪ ማያትን ክርሕቑ ኣተሓሳሰበ።

ኣቶ ተኪኤ ኣብ መወዳእታ፣ ንምሕደራ ኤሌክትሮኒካዊ ጓሓፋት ዝምልከት ሕጊ ክህሉ ኣገዳሲ ምዃኑ ብምጥቃስ፣ ብዝተሓተ ደረጃ ንምጅማሩ፣ ንኡስ ዞባታት ንኤሌክትሮኒካዊ ጓሓፋት ብፍሉይ ዘገልግል መኣከቢ ማለት “ባኬታት” ኮዳልዋ ተላቢዩ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

### ሰንበት

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፊዮሪና |
| 09:40 | ድራማ |
| 10:25 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ (ቀጥታ) |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | ፊልም ፈንቅል |
| 18:05 | ሄራር |
| 18:45 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:00 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:02 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና(ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



ኣከባቢ








ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ተመኩሮ ቤት ጽሕፈት-ካዳስተር ኣብ ኤርትራ

*እዛ "ተመኩሮ ቤት ጽሕፈት-ካዳስተር ኣብ ኤርትራ" ብዝብል ኣርእስቲ ዘዳለናዮ ጽሑፍ ወጻኢት ኣተሓሕዛ ካዳስተር ኣብ ወሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ኣብ ኤርትራ እንታይ ይመስል፡ ካብኡ ዝተቐስመ ተመኩሮኸ ብዝርዝር ዘብርህ ኮይኑ፡ ብቤት ጽሕፈት ክፍሊ ካዳስተር፡ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ዝተዳለወ እዩ። ኣብዚ ናይ ቀዳማይ ክፋል ትሕዝቶኡ ድማ ድሕረ-ባይታ ካዳስትራዊ ምዝገባ (ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢጣልያን) ምዕባለ ካዳስትራዊ ስርዓት ድሕሪ ናጽነትን ኣብ ኤርትራ ዘጸርዩ ክኸውን።*




ካዳስተር፡ ኣብ ቃጽያ ዝተመርኮሰ ሓደ መልክዕ ስርዓት-ሓበሬታ መሬት እዩ። ቃጽያ መሬት፡ ወሰኑ ስፍሓት፡ ፍሉጥ ወናኒ ወይ ተጠቃሚ፡ መዳውብቲ ወዘተ ... ኣለዎ። ካዳስተር፡ ጽሑፋውን ስእላውን ሓበሬታ ናይ ተጠቃሚ (ወናኒ) መሬት፡ ስፍሓት፡ መዳውብቲ፡ ፕላን ናይ ህንጻ ብዘለዎ ክፍልታት፡ ወዘተ. የጠቓልል። ካዳስትራዊ ምዝገባ ኣብ ሃገርና ምስ ምምጻእ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ኣብ ሓምለ 1888፡ ኣብ ባጽዕ ተጀሚሩ። ኣብ ሚያዝያ 1902 ድማ፡ እቲ ቤት ጽሕፈት ካብ ባጽዕ ናብ ኣስመራ ግዒዙ። ቀንዲ ዕላማ ካዳስትራዊ ምዝገባ፡ ንብረት ኢጣልያውያን ሰፋሮ ሕጋዊ ብምግባር፡ ውሕስነት ዋንነት መሬትን ካልእ ቀዋሚ ንብረትን ንምርግጋጽ ነይሩ። ካብ ቀንዲ ዕላማታት መግዛእቲ ኢጣልያ ሓደ፡ ንኤርትራ ናይ ኢጣልያውያን ሰፋሮ ግዝኣት ንምግባራ ዝዓለመ ስለ ዝነበረ፡ ኣወዳድባ ቤት ጽሕፈት-ካዳስተር ኣብ ትሕቲ ላዕላዋይ ቤት ፍርዲ ነበረ።

### ካዳስትራዊ ምዝገባ ኣብ ግዜ መግዛእቲ

ምስ ምቛም ካዳስትራዊ ምዝገባ፡ ኣድላይነት ውሑስ ሕጋዊ ምትሕልላፍ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ንምርግጋጽ 'ፓብሊክ ኖታሪ' ቀይሙ። 'ፓብሊክ ኖታሪ' ሓደ ብመንግስታዊ ሕጊ ዝምራሕ ንተኣማንነት ሰነዳት ከረጋግጽን ወፅላት ከመሳኽርን ዝተመዘዘ ብዓል ስልጣን እዩ። ዕማማቱ ኣብ ምኽያድ ጸንዑ ሕጋውን ሞራላውን ግዴታ ኣለዎ። ብዙሓት ሰነዳት ከም ውዕላት ምስግጋር ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዝኣመሰሉ፡ ሕጋውነት ንኽህልዎም ኣቐዲሞም ብመንገዲ ፓብሊክ ኖታሪ ዝተወዓዐሉ ክኾኑ ይግባእ። ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት-ካዳስተርን ንልዕሊ ሓደ ዘመን ናይ ቀረባ ናይ ስራሕ መሓዛት ኮይኖም ሰሪሖም። ኣብ እዋን መግዛእታዊ ስርዓት ደርጊ፡ ክልቲኦም ኣብያተ-ጽሕፈት ከም ትካላት ፈተነታት ምዕናው ገጢምዎም ነይሩ። እንተኾኑ ሰራሕተኛታት ኤርትራውያን ብዝፈደድዎ ጻዕሪ ክስዕርዎ ክኢሎም።

ካዳስትራዊ ምዝገባ፡ ንልዕሊ ሓደ ዘመን ኣብ ኣሰራርሓኡ ርኡይ ለውጢ ከየምጽአ ኣብ ዝሞዐበሉ ከባቢታት ጥራይ ተሓጺሩ፡ ወሰንታዊ ኮይኑ ቀጺሉ። ብደረጃ ሃገር፡ ኣብ ማእከላይ ቦታ ኣስመራ ጥራይ ብምፍኣን ይምዝገብ ስለ ዝነበረ፡ ድሩትነት ዓብሊልዎ ብዙሕ ክምዝገብ ዝነበሮ ቀዋሚ ንብረት ከይተመዝገበ ጸኒሑ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቲ ስርዓት ምዝገባ መለለዪ ቁጽሪ ኣብ ምሃብ ምድግጋም ስለ ዝነበሮ፡ ማለት ሓደ ንብረት ብዝጠቕዓት ህንጻ ድሕሪ ምምዝጋብ ብመሸጣ፡ ህያብ፡ ወርሲ፡ ወዘተ. ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካልእ ኣብ ዝመሓላለፈሉ ግዜ ዝተፈላለየ መለለዪ ቁጽሪ ይወሃብ ስለ ዝነበረ፡ ንብዙሒ ዝተመዝገበ ቀዋሚ ንብረት ብልክዕ ዘይገልጽ ነበረ። ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘረጋግጾ፡ ሓደ ንብረት ክሳዕ ክሳብ 17 ግዜ ዝተሓላለፈ ብዝነበሮ መለለዪ ቁጽርታት ተመዝጊቡ። እዚ ንብዙሒ ዝተመዝገበ ንብረት ኣጋነኖ።

ኣተዓቓቕባ ሰነዳት ዝምልከት በዚ ዝተገልጸ ኣገባብ ብምምዝጋብ ናይ 100 ወሃንቲ መዝገብ ምስ ዝበጽሕ ኣብ ሓደ ደብተር ከም ዝጥረዝ (bind) ይግበር። እዚ ስለዝጸገመ ደሓር ናብ ብ50 ምጥራዝ ተቐይሩ። ኣብ ቤት-መዛግብትን ኣርካይቭን ብዘጸዋሩ ንኣጠራርያ ንብረት ዝምልከት ሓበሬታ ይሕተት እዩ። ብዛዕባ ሓደ ንብረት ሓበሬታ ኣብ ዝድለየሉ ኣብ ዝተፈላለየ ጥሩዝ ሰነዳት ክተናዲ ትግደድ። እዚ ኣገባብ'ዚ፡ ብግዜን ጉልበትን ኣድካሚን ምስ ዘመናዊ ኣተሓሕዛ ስርዓት ፋይል ዘይከይድን እዩ። ክፍሊት ኣገልግሎት ምዝገባ'ውን፡ ዝምርኮሰሉ ስርዓት ዘይብሉ ምስ'ቲ እቲ ቤት ጽሕፈት ዝህቦ ኣገልግሎት ዘይዳረግ ኣዝዩ ስሙዊ ኮይኑ ጸኒሑ።

እዚ ዝተጠቕሰ ጉድለታት ይሃልዎ ደኣ'ምበር፡ እቲ ስርዓት ምዝገባ ናይ ልዕሊ ሓደ ዘመን መዛግብቲ፡ ብጽፈት ዓቂቡ ብምጽናሕ፡ ብኮምሽን ኣባይቲ ኣብ ዝተገብረ ምጽራይ ዋንነት ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ቤት ጽሕፈት-ካዳስተር እቲ ቐንዲ ምንጪ ዝተኣማመነ ሓበሬታን መወከሲን ኮይኑ ስለ ዘገልገለ ኣበርክቶኡ ቀሊል ኣይኮነን። ያታ ካዳስትራዊ ስርዓት ምዝገባ ምህላው'ውን ዘገዳሲ ትምህርትን ተመኩሮን ኣይኮነን። እዚ ካዳስትራዊ ያታ'ዚ፡ ኣብ ጉርብትና ሃገራት ዳርጋ ኣይጸንሐን ክበሃል ይከኣል። ከም ዝፍለጥ፡ ስርዓት ደርግ ኣሸሓት ኣባይቲ ሃገሩ እዩ። ናብ ገድሊ ዝተሰለፉ፡ ካብ ማእሰርትን ስቓይን ንምምላጥ ናብ ስደት ዝምረሑ ዜጋታት ንብረቶም ተሃጊሩን ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ዋናታት ቀይሩን እዩ። ነዚ ንምጽራይ እዩ ኣብ 1991 ብቕጺ. 1/1991፡ ቁጽሪ 3፡ "ንኹሉ ዓይነት (ዝተሃገረን ዘይተሃገረን) ዋንነት ኣባይትን ካልእ ቀዋሚ ንብረትን ዘጻርን ዘረጋግጽን ምስክር ወረቐት ዝህብን" ኣዋጅ ቁ/16/1991 መቖሚ ኮሚሽን ኣባይቲ ተኣዊጁ።

### ካዳስትራዊ ስርዓት ድሕሪ ናጽነት

ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብ ግንቦት 1997 መሰረታዊ ለውጢ ኣብ ስርዓት-ምዝገባ መሬትን ካልእ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ዘተኣታቱን ንምዝገባ ግድነታዊ ዝገብርን ብኣዋጅ ቁጽሪ 95/1997 ዝፍለጥ፡ 'ምዝገባ መሬትን ካልእ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን' ኣዋጅ ወጺኡ። ቀንዲ ዕማም ናይ'ቲ ቤት ጽሕፈት-ካዳስተር፡ ኣብ ኣዋጅ ምዝገባ ንብረት ቁ/95/1997 ተመርኩሱ፡ መሬትን ኩሉ ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተደኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን፡ ምስቲ ንብረት ዝተኣሳሰር መሰላትን ግቡኣትን፡ ብመሸጣ፡ ብወርሲ፡ ብህያብ ወይ ብኻልእ ኣገባብ ዝግበር ሕጋዊ ምትሕልላፍ ምምዝጋብን መረጋገጺ ምሃብን፡ ብመሰል ጠሰን መሰል ተጠቃምነት መሬት ሕርሻን ብመሰል ክራይን ዝዕደል መሬት ሕጋውነቱ ኣረጋጊጽካ ምምዝጋብን እዩ። ትካላት መንግስቲ ዝገልገሉሉ ቀዋሚ ንብረትን ንስራሓት መንግስቲ ዝተሓዝአ መሬትን ምምዝጋብ እውን የጠቓልል።

ስርዓት ምዝገባ ሓደ ዝዓይነቱን ብቐሊል ዝምስራሕን ኮይኑ ቃጽያ መሬት ንደረጃ ከባብን ምዕባለኡን ንኣቃውማን ደባትን ቃጽያታት ኣጸፈሩ ዘርኢ ካርታ ወይ ንድፊ ካርታ ከም ዝቐርብን ከም ዝስዕድን ይገብር። ቤት ጽሕፈት ካዳስተር፡ ትሕቶን እጉድን ቀዋሚ ንብረት ምስራዑምን ምልዓሎምን ይምዝገብን ኣብ ኩሉ ዘኪይዶ ዕማማት ምዝገባን ካልእ መስርሓትን ርትዓዊ ክፍሊት ኣገልግሎት የኽፍልን። እቲ ቐንዲ ሸቶ ምህናጽ ዘመናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ኩይኑ ዘላቒነት ምሕደራ ኣከባብያዊ ጸጋታትን ምዕባለን ንምርግጋጽ እዩ።

ብዛዕባ ድሕሪ ናጽነት ዝተፈጸሙ ዕማማት ቅድሚ ምግላጽ፡ ገለ ካብ ረብሓታት ካዳስትራዊ ምዝገባ ኣሕጺርካ ምቕራብ ኣድላዪ እዩ። ብፍላይ መረዳእታ ንምህላው ቀደም ኣብ ፈረንሳ ካዳስትራዊ ስርዓት ክጅመር እንከሎ፡ ዕላማኡ ግብሪ መሬት ንምእካብ ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ኢጣልያውያን ኣብ ኤርትራ ካዳስትራዊ ስርዓት ክምስርቱ እንከለዉ ድማ ውሕስነት ንብረት ኢጣልያውያን ሰፋሮ ንምርግጋጽ ነበረ። ዘመናዊ ካዳስተር ግን፡ ኣገልግሎቱ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ዝፈላለ'ኳ እንተኾነ፡ ብዙሕ ዕላማታት እዩ ዘለዎ። ብሓፈሻኡ ኣብ ዓለም ካዳስትራዊ ምዝገባ ሕጋዊ ተፈላጥነት ብምሃብ፡ መሰል ተጠቃምነት መሬትን ዋንነት ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተሃንጸ ቀዋሚ ንብረትን የረጋግጽ። ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተደኮነ ዝተመዝገበ ቀዋሚ ንብረት ብትሕጃ ንብረት ልቓሕ ካብ ባንክ ንምርካብ ኩነ ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ንውሕስና የገልግል፣ ብልሽውና፡ ምስሕሓብን ክርክርን ኣብ ኣብያተ-ፍርዲ የውሕድ፣ ውሕስነት ዋንነት ቀዋሚ ንብረት ወይ ውሑስ መሰል ተጠቃምነት መሬት ብምርግጋጽን ምትእምማን ብምሕዳርን ኣብ መሬት ዝዳ ጻዕርን ወፍርን ክየብር ይድርኽ፣ ኣብ ምሕንጻጽ ፖሊሲ ምሕደራ መሬትን ካልእ ቀዋሚ ንብረትን ኣድላዪ ቅኑዕን እዋናውን ሓበሬታ ንላዕለዎት ዝምልከቶም ሓለፍቲ የቕርብ፣ ስሉጥ ምትሕልላፍ ቀዋሚ ንብረት የረጋግጽ፣ ኣታዊታት መንግስቲ የኻዕብት፣ ንምሕደራ መሬትን ካልእ ቀዋሚ ንብረትን የገልግል፣ ኣብ ምህናጽ ከተማታትን ሓወሲ ከተማታትን ብፍላይ ከተማዊ ወጥኑ ምዕባለ ትሕተ-ቅርጻን (መስመራት ማይ፡ ረሳሕ ፈሳሲን ደረቕን፡ ኤለክትሪክ፡ ተሌፎን) ኣድማዒ ኣከባብያዊ ምሕደራን ንኽህሉ ምቹእ ባይታ የጣጥሕ ወዘተ። ካዳስትራዊ ስርዓትና፡ ንሓያሎ ካብዞም ዝተጠቕሱ ረብሓታት የገልግል እዩ።

ቀንዲ ዕማም ቤት ጽሕፈት-ካዳስተር ከም'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ኮይኑ፡ እቲ ቤት ጽሕፈት ኣርባዕተ (4) ኣባላት ሒዙ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 1999 ካብ ሚኒስትሪ ፍትሒ ናብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ተሰጋጊሩ። መጀመርታ ብደረጃ ጨንፈር ኣብ ክፍሊ መሬት፡ ካብ 2003 ድማ ብደረጃ ክፍሊ ተወዲቡ። ቤት ጽሕፈት ካዳስተር፡ ናብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣብ ዝተሰጋገረሉ ንዝተመደበ ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት ጽሕፈት ወሲኽካ ሓሙሽተ ኣባላት ነይሮሞ። ኣብ ርእሲ'ቲ ውሑድ ዓቕሚ ሰብን (ብዝሕን ዓይነትን) መሳርሒታትን ዘኸተሎ ስርዓት ምዝገባን ዕቃብ ሰነዳትን በቲ ዝጸንሐ ልምዲ ነይሩ። ዝተመደበ ሓላፊ'ውን ነቲ ትካል ንምምራሕ ዘኽእል ድሕረ-ባይታ (ካዳስትራዊ ፍልጠት) ኣይነበሮን። ኩሉ ዝካየድ ስራሕ ብኢድ (manual) ጥራይ ነበረ። እዚ ኩሉ ተደማሚሩ ንቤት ጽሕፈት-ካዳስተር ንምኽያድን ንምምዕባልን ዓቢ ብድሆ ነበረ። ነዚ ብድሆ'ዚ ንምስጋርን ንቤት ጽሕፈት-ካዳስተር ንምምዕባልን ኣብ ናይ ርብዒ ዘመን ተመኩሮ እንታይ ተኻይዱ ኣሕጺርካ ምግላጽ የድሊ።



ይቕጽል...

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

SMARA MINING SHARE COMPANY
bo Street, No. 178, House No. 16
ejeret, P.O. Box 10688
el. ++291-1-153986
smara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Dispatcher**
**Number required – (02)**
**Type of contract –Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- Planning
- Dispatching
- Reporting & data control
- Supervise the team

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

**Planning**

- To compile and coordinate all mining statistics.
- Recording mining machinery data into Access database.
- Record keeping of all previous mining information.

**Dispatching**

- Hand over properly from previous shift and create new start of the shift in data base.
- Maintain an accurate record of all activities and status of mining machinery and report accordingly.
- Receive machine usage information from Operators and Mining Supervisor.
- Communicate with Operators and Mining Supervisor continuously on status of Machines
- Use 2 –way radio communication.
- Control all communication by phone, email, and service eclipse.
- Adhere to all appropriate procedures relating to SOP.
- Follow up on Maintenance progress.
- Enter Index End at end of shift.
- Hand over to next shift.

**Reporting and Data Control**

- Report daily two hourly load, LV status, drill holes and if report request or needed to report.
- Report maintenance request to HME planners
- Generate Cumulative Report daily

**Supervise the team**

- Collaborate with other departments
- Cover for senior Dispatcher Enigeener

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Diploma or Certificate in computer science / data base administration / mining |
| Working Experience – Nature & Length | • 2-3 years previous experience or related experience<br>• Thorough Knowledge and experience of MS Access, Word and Excel<br>• 2-year data base administration |
| Technical Skills | • Computer Literacy (MS Office – Access, Word, Excel) Good database operations<br>• Analytical Skill<br>• Attention to detail<br>• Problem solving skill<br>• Plan, Organize & Execution skills<br>• Ability to work long shifts both day and night shift.<br>• Able to understand English & local language<br>• Use 2 –way radio communication<br>• Risk management & assessment<br>• Report writing |
| Other Skills and Abilities | • Communication (English & local language)<br>• Interpersonal skills<br>• Accuracy<br>• Ability to work under pressure<br>• Ability to work toward strict deadlines<br>• Assertiveness<br>• Results oriented<br>• Initiative<br>• Ability to multitask<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment |

## General Information and other requirements:

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ቃለ- መሕተት

ዳህላክ ነጋሲ

## “ኣቦታትና ዘረከቡና ባህሊ ምስ ዓለም ነላልዮ” ዲዛይነር ኣብርሃም

ጸገቱ፡ ወሸጣውን ግዳማውን ተባዚሉ እተፈላለየ መግለጺን ርእይቶን ይወሃቦ እዩ። ወሸጣዊ ጸገቱ ዘይኣርግን ዘይዛለሰን እዩ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ትሕቲ ባይታ ዘሎ ከበር ማዕድን ማለት እዩ። ብማዝናዊ ኣጋባብ ንኽልቲኡ ብማዕረ ምስ እንውንኖ ወይ እንድልቦ ዝበለጸ ይኸውን። ንሓዳኡ ኣፈልና ክንጫብጦ ንመጣጠር እንተ ሃሊና ግን ወትሩ ዝተፈራረቓ ሓሳባትን ስምዒታትን ክወረና እዩ። ክንዲ ዝኾነ ከምቲ ግዳማዊ ጸገቱና ንምኹላዕ እንጽዕሮ፡ ወሸጣዊ ጸገቱና ንምድማቑ'ውን ሃየ ደኣ ኣይንበልከ። ኣብዚ ከስተውዕለሉ ዘለና ግን ደጋዊ ጸገቱና ኣብ መንነትና ዝተመርኮሰ ክኸውን ይግባእ።

ሕብረተሰብና ዘኹርዕ ባህልን ልምድን ዘውንን ህዝቢ'ዩ። ካብ ወለዶታት እናተወራረሰ ዝመጸ ወርሻታት፡ ብግዕቡል ዘመናውነት ከይብረዝን ከይገብጥን ዝያዳ ካልእ እዋን ሎሚ ምጥንቃቕን ምንቃሕን የድልየና። ከም ዝፍለጥ፡ ኣከዳድናና መግለጺ መንነትና እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ'ዩ ኣከዳድና ሓደ ሕብረተሰብ ብምምልካት ጥራይ መንነቶምን እንታይነቶም ክንገልጽ ዘይንጸገም። ስለዚ፡ ኣልባሳትና ክንዮ ዕርቃንና ምሽፋንን ግርማን ጸገቱን ዘልብሰና ስለ ዝኾኑ፡ ባህልናን መንነትናን እነንጸባርቐሉ'ውን እዩ። ንሎሚ ምስ ኣቦመንበር ሃገራዊ ማሕበር ዲዛይነራት ኤርትራ፡ ኣቶ ኣብርሃም ሱልጣን ንሓፈሻዊ ንጥፈታት ናይ'ቲ ማሕበራን ካልእን ኣመልኪትና ዘቖደናዮ ቃለመሕተት ቀዳማይ ክፋሉ ናባኹም ኑብሎ ኣለና።

*** እዚ ማሕበር መዓስ ተመስረተ፡ ከምኡ ድማ ሐዚም ዝተበገሰ ዕላማ ክትገልጸልና?**

ሃገራዊ ማሕበር ዲዛይነራት ኤርትራ ኣብ 2015 እዩ ተመስሪቱ። ኣብቲ ፊልማ “ሄቫል” እናተባህለ ይጽዋዕ ነይሩ። እቲ ሲያመ ብቛንቋ ብዳወየት ከይኑ፡ “ውልዶ ወርሒ” ዝብል ትርጉም ዝሓቖፈ'ዩ። ከምቲ ውልዶ



ወርሒ. ኣብ ፊልማ ውሑድ፡ ድሕሪ ዝተወሰነ መዓልታት ከኣ ምሉእ ድምቀት ብርሃን እትውንን፡ ንሕና'ውን ብርሃንና ምስ ግዜ እናተኸለስን እናደመቐን መታን ክኸይድ ኑቲ ሲያመ ሓሪናዮ። ብኸምዚ ከኣ ኣብ ኣፍሲ-ወከፍ ዓመት ማለት ክሳብ 2022 ዝተፈላለየ ምርኢት ከቕርብ ክኢልና። ካብዚ ዝተጠቕሰ ዓመት ንጀው ድማ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ብምጥርናፍ ‘ሃገራዊ ማሕበር ዲዛይነራት ኤርትራ’ ዝብል ሲያመ ክንሕዝ ክኢልና። ሕብረ-ብሄራዊ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኣልባሳት ሕላገት መንነትና ስለ ዝኾኑ፡ መንነትና ንዓለም ንምልላይ ኣበርቲዕና ንሰርሕ። ከም ዝፈለጥ፡ ትሽዓተ ካብ ብሄራትና ብ‘ኣቡ ጀዳድ’ ዝፍለጥ ክዳን ክወድያ እንከለዋ ከምኡ'ውን ሸሞንተ ካብ ብሄራትና ብ‘ካን’ ዝልለ ኣልባሳት ይኸደና።

እዚ ማሕበር ኣብ መጻኢ ክፍጼምዎ ወይ ክበጽሖም ዝደሊ ብርክት ዝበሉ ዕላማታት ኣለዉ። ንገለ ካብኣቶም ምስ እንጠቅስ፡ ብቐዳምነት ዲዛይነራት ካብ ኣእምሮኦም ብዘፍምንጨዉ ሓሳባት፡ ሃቐነታት፡ ቀመራት፡ ግብራዊ ስርሓትን ቅድታትን ዝፍጥርዎ ወይ ዘፍርይዎ ኣልባሳት ንምድንፋዕን ሓድሕዳውን ሞያውን ምትሕግጋዝን ኣብ መንጎኦም ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ። ኣብ ርእሲዚ፡ ዲዛይነራት ንምትብባዕ ኩሉ መዳያዊ ምንቅስቓስ ምግባር እዩ። ካልእ፡ ኣብ ቅድታት ኣልባሳት ንዝጥዩ ግዱሳት ውልቀሰባት ከነ ትካላት፡ ተሞክሮ ዝለዋወጡሉን ዝመላለኡሉን ባይታ ምፍጣር ኩይኑ ብተወሳኺ፡ ንቅድታት ዝምህዙ ወይ ዝሰንዑ ፈጠራኦም ዝላለዩሉን ተፈላጥነት ዝረኽቡሉን ዕድላት ምጥጣሕ እዩ። ብዚይካ'ዚ፡ ሓድሽ ቅድታት ዘሐይል ዓውደ-ዙሩ፡ ስልጠናን ትምህርትን . . . ብምውዳብን ጥበባዊ ኣፍልጦ ከም ዝወሃቦም

ይጣበቑ። ኣብዚ ከይተሓጽረ፡ ኣብ መንጎ ዲዛይነራት ዝምድና ንምምስራት ባይታ ይፈጥር ከምኡ'ውን ምስ ዝምልከቶም መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላት ዝምድና ብምጥጣሕ፡ ዓቕሚ ኣባላቱ ንምሕያል ስልጠናታት፡ ሰሚናራትን ዓውደ-ዙሩን ይውድብ።

*** ኣብ መንጎ ዲዛይነራትን ሞዴላትን ውህደት ይኸውን ሓባራዊ ርድኢት ንምፍጣር እንታይ ንጥፈታት ተካይዱ?**

ኣብ ከሉ ዓውደ-ሞያ ውዓብ ሓይሊ. እዩ። እንተዘይኪይኑ፡ ብዘይ ውዓብ ቀጻልነት ይኸውን ዕብየት ክህሉ ኣይክእልን። በዚ. ምኽንያት፡ ሃገራዊ ማሕበር ዲዛይነራት ኤርትራ ዝተፈላለየ ውዓብታት ብምስራዕ፡ ኣባላቱ ኣብ ምንቃሕ ብዕቱብ ይሰርሕ። ከምቲ ‘ዙሓበራ ኣፍታል ኣንበሳ ይኣስራ’ ዝበሃል፡ ንሕና'ውን ንርከቡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዲዛይን ኣልባሳት ተሳትፎ ንኽህልወን ጎስጓስ ይካየድ እዩ። ከምኡ ድማ ተራ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዲዛይን ኣልባሳት ንምዕባይ መደባት ሰሪዕና ናብ ዝምልከቶም ኣካላት ብምቕራብ፡ ኣብ ባይታ ንምትግባሩ ብዕቱብ ምክትታል ይግበረሉ። ካልእ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ብትምህርትን ስልጠናን ዲዛይን ኣልባሳት ክእለተን ዘማዕብላሉ መንገዲ ኣብ ምንዳይ ብቐንዱ ዝሰርሓሉ ዕማም እዩ።

*** ቅዲ ኣልባሳት ዲዛይነራት ንባህልን መንነትን ሕብረተሰብና ዝጸረር ንኸይከውን እንታይ ዝወሃብ ስልጠናታት ኣሎ?**

ኣብ ኩሉ ንጥፈታትና ኤርትራዊ መንነትና ኣብ ምዕቃብ ኣተኩርና ኢና



ኣቶ ኣብርሃም ሱልጣን

ማሕበር ይሕብር። ኤርትራውያን ኣዝዩ ጽብቅ ሕብሪ ገጽ እንውንን ህዝቢ. ከም ምዃንና መጠን ዝለና ጸገቱ ክንዕቅቦ ክንጸርዓሉን ይግባእ። ብዘይካ'ዚ፡ ሞዴላት ብዘይካ ተፈጥሮኣዊ ጸጉሪ ርእሰን ካልእ ዘይናተን ክልቅባ ኣይፍቀደንን እዩ። ካልእ፡ መመላኽዒ. ተባዚሉም ናብ ዕዳጋ ዝቐርቡ ብርክት ዝበሉ ፍርያት ሞዴላትና ንኸይጥቀማ ብትሪ ብምቅዋም፡ ከም ኣዴታተን ማይ ተሓጺበን ንኽመጻ ንመክር። ብቐጻሊ፡ ቀርበተን ብእተፈላለየ ውሕስነቱ ዘይተሓለወ ከሚካላት ቀብኣን መታን ከየፍርስኦ ማዕዳን ምኽርን ይወሃበን እዩ። ከም ዝፍለጥ፡ ዝኾነ ሰብ ቅያር ክዳኑ ጫማን ካልእ መሳለጥያታትን ክህልዎ ይኽእል እዩ። ብኣንጻሩ፡ ሓንሳብ እንተ ዓንዩ ዘይቅየር ወይ ዘይትካእ ሕብሪ ቀርበት'ዩ ዘለና። ኣብዚ እዋን ካብ'ቶም ጎሊሖም ዝረኣዩ ባህላዊ ወረራት፡ መብቆላዊ ሕብሪ ቀርበትና ጸለእና ንጽዓዱ ከም እነድንቖን እነምልኽን ኳንና ኣለና። ስለዚ፡ ተለቂሕና ነምጽኦ ዘይከኑ ናትና ከም ዘሽርዖና ተገንዚብና መንነትና ንዓቅብ።

*** ኣብ ዞባታት ዝለዉ ዲዛይነራት ይኹኑ ሞዴላት ሞያዊ ብቕዓቶም ንምዕባይ እንታይ ዝተታሕዘ መደባት ኣሎ?**



ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት ዝነብሩ ዲዛይነራትን ሞዴላትን ኣብ መዓልቲ ናጽነት ይኹን ካልእ እዋን ኣብ ዝውደብ ውድድራት ከም ዝሳተፉ ንገብር ኢና። ከም ዝፍለጥ እዚ ማሕበር ካብ ዝምስረት ሒደት ዓመታት ዘቖጸረ ብምዃኑ ገና ዘይተተግበሩ ዕማማት ኣለዉና። ክንዲ ዝኾኑ ኑየም ጎሊሖም ዝረኣዩ ሃጓፈት ንምምላእን መፍትሒ ንምምጻእን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዞባ ወኪልቲ ንኽህልዎ ብቐዳምነት ንሰርሓሉ እዩ። ስለዚ፡ ምስ ዝተፈላለዩ መሻርኽቲ ኣካላት ብምርድዳእ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ. ናብ ኩለን ዞባታት ብምዃር፡ ውዓብታት ኣሒዩልና ንቕሓት ዜጋታት ኣብዚ. መዳይ ብምዕባይ መደብ ሰሪዕና ኣለና። ከም ውጽኢቱ እቲ ዘድልየና ዓቕሚ-ሰብ ብምጥርናፍን ጨንፈራት ብምኽፋትን ንጥፈታትና ናብ ኩለን ዞባታት ንምስፋሕ ውጥን ሓንጺጽና ንርከብ።



ምግባርን ከምኡ'ውን ማሳለጥን ረብሓታትን ከሉ ኣባል ምርግጋጽ ዘጠቓልል ሸቶታት ይርከብዎ።

*** ብኣውራኡ ዕማማት ናይ'ዚ ማሕበር ኣብ ምንታይ ዘተኩረየ?**

ማሕበርና ዓቕሚ ኣባላቱ ንምብራኽ ዝተፈላለየ ዕማማት'ዩ ዘካይድ። ንኣብነት፡ ንኣባላቱ ምስ ምህዞኦም ዝተሓሓዘ ዓቕሚ ማሕበር ዘፍቅዶ ፋይናንሳዊ፡ ዓይነታዊ፡ ትምህርታዊ፡ ምምሕዳራውን ሕጋውን ሓገዛት ይገብር። ካልእ፡ ረብሓታት ኣባላቱ ከም ኢንዳስትርያዊ ፍቓድ ዋኒን (ፓተንት)፡ ካልኦት ተመሳሰልቲ ማሰላት ንምውሓስ ዝግባእ ተፈላጥነትን ክብርን ንምርካብ ይጽዕት። ብዘይካ'ዚ፡ ማሕበር ባህላውን ቁጠባውን ጸላታት ንምድንፋዕ ምዕቡል ግብራዊ ቀጻልነት ዘለዎ ቅድታት ንምምዕባል፡ ኩሉ መዳያዊ ወጥናት ብምቕያስ ሞያዊ ተኽኢካውን ፋይናንሳውን ዓቕምታት የዋድድ። ወሲኹ፡ ቅድታት ዲዛይነራት ፈጠራውነትን ዓይነታዊ ወጽኢትን መታን ክህልዎ፡ መዐቀኒ ቅጥዕታት ብምውጻእ ንኣባላቱ ብደረጃ ማሕበር ተፈላጥነት ብምሃብ ውድድራት ምስራዕን ከም ኣጉዳስቱ፡ ኣብዚ. ዓውዲ ንዘጥፉ ኣበታውያን ሰባት ምትብባዕን እዩ።

ኣብ ርእሲዚ፡ ሓብሬታን ስርሓትን ኣባላቱ ይሰንድ። ከምኡ ድማ ብዘውጽኦ ቅጥዒ ማሰረት ንኣባላቱ ተጠቂምቲ ይገብር። ብተወሳኺ፡ ብመገዲ መራኸቢ. ብዙሃን ጎስጓስ የካይድ፡ ስርሓት ዲዛይነራት የላልን መሻርኽቲ ንምርካብ ይጽዕትን። ካልእ፡ ማሳለጥን ረብሓታትን ኣባላቱ ይከላኸለልን

ሓብርና ምስ እንዳዩ ማእሊያ ዘይብሉ ዕማማት ከለሳስል ከም እንኽእል ዘጠራጥር ኣይኮነን። በዚ. ምኽንያት፡ እዚ. ማሕበር ብዘይዝኾነ ኣፈላላይ ንኹሉን ብሄራት ብሓደ ዘጣምር እዩ። ብተደጋጋሚ ከም ዝጸው፡ ንሕና ኤርትራውያን ኣዝዩ ዘሐብን ባህልን ልምድን እንውንን ሕብረተሰብ ኢና። ከም መርኣያ ናይ'ዚ፡ ኣብ መቡቶትኣን ብሄራትና ደቂ-ኣንስትዮ ካብ ጸፍሪ እግረን ክሳብ ጸጉሪ ርእሰን ክሽፈና ዝጠልብ ክኸውን እንከሎ፡ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ ካብ ጸፍሪ እግሮም ክሳብ ክሳዶም ክኸደኑ ዝግበር ዘኹርዕ ባህሊ. ኣለና። ስለዚ፡ ኣባላት ማሕበር ደቂ'ዚ. ክቡር ሕብረተሰብ ስለዝኾኑ፡ እዚ. ባህሊ. ኣብ ምንጽብራቕን ምዕቃብን ንኽሰርሑ



ኣበርቲዕና ንሰርሕ። ክንዲ ዝኾኑ ንባህላውን ዘመናውን ኣልባሳት ዘቋርጹ ብርክት ዝበሉ ጥበባዊ ክእለት ዝሓለፎም ቅዲ ክዳውንቲ ኣብ ምድላው ይርከቡ ኣለዉ። ኣብዚ. እዋን ዕድመኦም ካብ 18 ክሳብ 54 ዝኾኑ ዲዛይነራት ክንጥርንፍ እንከለና፡ ካብ 18-32 ዓመት ዝዕድመኦም ሞዴላት ድማ ሓቒፍና

ንሰርሕ። ስለ ዝኾኑ ዲዛይነራት ኣከዳድና፡ ኣመጋግባ፡ ኣዘራርባ፡ ኣደኳኽና ኣብይትን ካልእን ብዕምቆት ንኽፈልጥዎ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ይካየድ። ኣብ ሃገርና ጥራይ ዕርቃኑ ዝኸይድ ሕብረተሰብ የብልናን። ስለዚ፡ ዲዛይነራት ይኹኑ ሞዴላት ነዚ. ዘሐብን ባህሊ. ንምዕቃቡ ግዴታ ኣለዎም። ልዕሊ. ዝኾነ እዋን ኣብዚ. ግዜ ባህላዊ ወራር፡ ክቀላቐልን ከጥቅዓናን ይረኣ ኣሎ። ናጽነት ኣብ ምምጻእ ይኾን ልኡላውነት ኣብ ምውሓስ ዝበረ. ቃልሲ. ፖለቲካዊ ጥራይ ዘይኮኑ እንተላይ ባህላዊ ወራርን ካልእ ሽርሕታትን ዘማዕበ'ዩ ነይሩ። ሎሚ ባህልናን እምነትናን ንምብራዝ ብእተፈላለየ መንገዲ ተጻብኦታት ይግጥመና ኣሎ። መንእሰያት እዚ. ሓያል ማዕበል ክቃለስዎን ደው ከብልዎን ይግባእ። ብኣውራኡ፡ ዲዛይነራት እዚ. ወራር ኣብ ምምካት ዝለዓለ እጃም ኣለና። ምኽንያቱ፡ ንኽብርን ሃብታምን ባህላዊ ወርሻና ክንሕልዎ ሓላፍነታዊ ግዴታ ኣለና። እቲ ምንታይ፡ “ኣቦታትና ዘረከቡና ባህሊ. እንተ ኸኢልና ምስ ዓለም ነላልዮ፡ እንተ ዘይክኢልና ከምቲ ዘረከቡና ንዓቅቦ” ስለ ዝኾነ ነኹሩ። ኑቲ ዝተረከብናዮ ዓቒብና ምስ ዓለም ንምልላይ ዝብል ሓሳብ፡ ኣብ ኣእምሮ ዲዛይነራትን ሞዴላትን ንኽሰርጽ ብቐጻሊ. ኣበርቲዕና ንሰርሕ።

ሓደ ዲዛይነር ንኣልባሳትን ኣለባብሳን ቅዲ ዓይነታት ቀኖ፡ ስልማትን ካልኦት ኣገደስቲ ምስ ባህሊ. ዝተኣሳሰሩን ብጋበእ ክጽንዕምን ክፈልጦምን ይግባእ። ከምኡ'ውን ሓንቲ ሞዴል ኣምባሳደር ሃገራ ስለ ዝኾነት፡ መንነታ ማሰረት ዝገበረ ወሸጣውን ግዳማውን ጸገቱ ንኽትውንን ማሕበር ይሰርሕ። በዚ. ምኽንያት፡ ሞዴላት ዝኾነ መመላኸዒ. ንኸይልክያ ወይ ንኸይጥቀማ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኣብ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ እትወዳደር ሃገራዊት ጋንታ ምድላዋታ ጀሚራ

ካብ 20 ክሳብ 23 ሕዳር ኣብ ሃገረ ኬንያ ኣብ ዝካየድ መበል 19 ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኣፍሪቃ 2025 እትወዳደር ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ቀይሞ፡ ልምምዳ ጀሚራ።

እዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ብክልተኡ ጾታ ዝቖመት እያ። ኣብ ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ፡ ተቐዳደምቲ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቁዱሱ፡ ሚሮን ተሾመ፡ ኑርኣሕመድ ዓብደልወሃብን ናታን መድሃኔን ተመሪጾም ኣለው። ኣብ ትሕቲ 23 ዓመት ድማ፡ ሚልክያስ ማእከሉ፡ መዋእል ግርማይ፡ ሄብሮን ብርሃን ዓወት ኣማንን ክወዳደሩ እዮም።

ብወገን ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ናይ ዓበይትን ትሕቲ 23 ዓመትን ተቐዳደምቲ ሞናሊዛ ኣርኣያን ብርኽቲ ፍስሃየን ካብ ዓራግ፡ ሰዛና ፍስሃየ ካብ ጋንታ ደቡብ፡ ኣድያም ዳዊት ካብ ደንደን ቀዳሞት ምሩጻት ኮይነን ኣለዋ። ዝበን ናይ ዓበይቲ ጋንታታት (ብኽልተኡ ጾታ) ዝመርሐን ኣሰልጣኒ መሴ ኣሰዛል እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣሰልጣኒ ክለብ ኤሪትል መምህር መድሃኔ ተኽለማርያም፡ ንማእከሎት (ጁኒየር) ክልተኡ ጾታ ክእዝዞም ተመዚዙ ኣሎ። ኣብዚ ምድብ፡ ተቐዳደምቲ ናህም ኤፍሬም ኤሪትል፡ ኬቨን ተኽለማርያምን የሃንስ ኣኽሊሉን ካብ ኣስቤኮ፡ ናታን ተስፋኣለም ካብ ደንደን፡ ብወገን ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ኣድያም ተስፉን ናርዶስ ጺጋይን ካብ ጋንታ ደቡብ፡ ኣርሴማ ዓንደጼን ካብ ዓራግ፡ ርዚና ብርሃ ካብ ክለብ ደንደን ቀዳሞት ምሩጻት ብምዃን ነዛ ሃገራዊት ጋንታ ክውክልዋ ምዃኖም፡ ህዝባዊ ርክብ ሃገራዊ ፌደረሽን ሓቢሩ።



ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ዓሚ ኣብ ዝተኻየደ መበል 18 ሻምፕዮን ኣፍሪቃ፡ ብድምር 16 መዳልያታት ብምውሳድ ዓንተራ ምወጽኣ ይዝከር። ብፍላይ ከኣ፡ ምስ ዓበይ ጋንታ ዝበረ ሄናክ ምለእብርሃን ንኣልሳይ ተኸታታሊ ግዜኡ ሻምፕዮን ናይ ጽርግያ ውድድር ብምዃኑ ታሪኽ ምስርሑ ኣይርሳዕን። በዚ ከኣ፡ እዛ ኣብ ኩሉ ጸወታታት (ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር፡ ሕውስዋስ ምቅብባልን ናይ ጽርግያ ቅድድም) እትወዳደር ሃገራዊት ጋንታ፡ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ክብራ ንምዕቃብን ኾነ ናይ ኣፍሪቃ ጉብለል ከምዝካ ንምምኣይን እያ ዓጢቓ ዘላ።

## ባርሴሎና፡ ንኦሲመን ከም መተካእታ ለዋንዶውስኪ ሓጺያቶ

ስጳኛዊት ክለብ ባርሴሎና፡ ንኣጥቃዓይ ጋላታሳራይ ቪክቶር ኦሲመን፡ ከም መተካእታ ሮበርቶ ለዋንዶውስኪ ሓጺያቶ ምህላዋ ተሓቢሩ።

ኦሲመን፡ ወላ'ኳ ካብቲ ሓደ ካብ ዝዓበዩ ሓሙሽተ ሊጋት ኤውሮጳ ዝኾነ ኢጣልያ ወጺኡ ኣብ ሊግ ቱርኪ ይጻወት እንተሃለወ፡ ብዙርእዮ ዘሎ መሳጢ ቁመና ግን፡ ቀልቢ ብዙሓት ክለባት ሰሊቡ ኣሎ። ሓንቲ ካብኣተን ከኣ፡ ባርሴሎና እያ።

ባርሳ፡ ነቲ ኣብዚ እዋን ወዲ 37 ዓመት ለዋንዶውስኪ ዝመርሖ መስመር መጥቃዕታ ብሓዲሽ ሓይሊ ክትትክእ ወጢና ኣላ። ነቲ ጉዳም ፖላንዳዊ ኣጥቃዓይ'ውን፡ ሰብ 2026 ውዕሉ ምስ ወደአ፡ ሓዲሽ ውዕል ከም ዘይተፈርሞ እዩ ዝሕበር። በዚ ከኣ፡ ከም መተካእታኡ ንኦሲመን ኣብ ራዳራ ኣእትያቶ ትርከብ።

እታ ኣብዚ ናይጀርያዊ ሎሚ ዓመት ብቐዋሚ ዝፈረመቶ ጋላታሳራይ፡ መልቀቒ ዋጋኡ 140 ሚልዮን ዩሮ እያ ሰጢፋትሉ ዘላ። ካብዚ መጠን ግዝኡ ሳንቲም ክምዝይተጉድል'ውን ትሕበር። እዚ ከኣ፡ ነታ ብፋይናንሳዊ ቅልውላው ካብ እትሕመስ ነዊሕ ዓመታት ዘቑጸረት ባርሴሎና መርገጽ ብምዃኑ፡ ክትውንኖ ዘለዋ ተኽእሎ ስሑው እዩ ይብሉ ፈለጥቲ መስርሕ ምስግጋር።

ጋላታሳራይ ንሊግ ቱርኪ ክትመርሖ ሓጊዝዋ ዘሎ ወዲ 26 ዓመት - ኦሲመ ኣብዚ ወቕቲ ዛጊት ኣብ ትሸዓተ ግጥማት፡ ሽዱሽተ ሸቶታት ኣመዝጊቡ ኣሎ።



ኦሲመን | ለዋንዶውስኪ

## ቱርኪ - ደያኑ ኵዕሶ እግሪ ተቐጺዖም

ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ቱርኪ፡ ድሕሪ ዘካየዶ መርመራ ኣብ ምውርራድ (ስኮሚሳ) ክሳተፉ ከምዝጸንሑ ንዝተረጋገጹ 149 ደያኑ ተሓጋጊዙ፡ ደያኑ ካብ ምምራሕ ጸወታ ኣጊዱዎም።

ዝሓለፈ ሰሙን፡ ደያኑ ሊግ ቱርኪ፡ ኣብ ምውርርድ ክሳተፉ ከም ዝጸንሑ ዝገልጹ ዜናታት ድሕሪ ምቕልሑ፡ ኣዛረቢ ኮይኑ እዩ ቀጺሉ። ብተግባራት እዞም ደያኑ ዝተቐጥዑ ክለባት እቲ ሊግ ድማ ርእይቶኣን ክህባ ቀጺለን።

"እዚ ኣብ ኵዕሶ እግሪ ቱርኪ ስነምግባራዊ ቅልውላው እዩ" ዝበለ ፌደረሽን እታ ሃገር ከኣ፡ ንዞም መራሕቲ ጸወታ፡ ካብ ሞት ብዘለሓ ዝሳተፍዎ ዝበሩ፡ መጠኑ ንውሓቱ ዝፈላለ ካብ ሸሞንተ ክሳብ 12 ኣዋርሕ ጸወታ ከይመርሑ መቕጻዕቲ ወሲኑሎም ኣሎ።

ደያኑ ብሓፈሻ መራሒ ጸወታ ድማ ብፍላይ ልክዕ ከም ተጻወትቲ ኣሰልጠንቲ፡ ኣብ ምውርራድ ካብ ምስታፍ ክልከላት እዮም።

## ራምሲ፡ ውዕሉ ኣቋሪጹ

ምስ መክሲካዊት ክለብ ፑማስ ክጻወት ዝጸንሐ - ኣሮን ራምሲ፡ ድሕሪ ሽዱሽተ ግጥማት ምኪያዱ፡ ውዕሉ ምቁራጹ ተሓቢሩ።

እዚ 34 ዓመት ዝዕድሜኡ ወዲ ዌልስ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ እዩ ናብዛ ክለብ ተሰጋጊሩ። ድሕሪ ወርሒ ማስከረም ግን፡ ኣብ ዝኾነ ጸወታ ኣይወሰለን።



ራምሲ፡ ወላ'ኳ ኣብ ኤውሮጳ ምስ ዓበይቲ ክለባት ኣርሰናልን ጁቬንቱስን ተጻዊቱ ልዑል ተመክሮ እንተቐሰመ፡ ኣብዛ ጋንታ ግን፡ ቀዋሚ ቦታ ክረክብ ኣይከኣለን ዘሎ። ሰሪ ዘይተጋደፎ ማስበርቲ ብቑዕ ክኸውን ዘይምኽኣሉ'ውን ንናይ ጸወታ ግዜኡ ብኣሉታ ጸልይዎ እዩ።

በዚ ከኣ፡ ኣብ ሽዱሽተ ግጥማት ሓንቲ ሸቶ ኣመዝጊቡ፡ ካብ ላቲን ኣመሪካ ናብ ሃገሩ ተመሊሱ ኣሎ።

ራምሲ፡ ክጽዋ ኣብ ሜዳ ካብኡ ወጻኢ'ውን ኣብታ ሃገር ኣይጠዐሞን። 'ሃሎ' ኢሉ ዝጽውዓ ዝፈትዋ ከልቡ ጠፊኣቶ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝነብሩ ሰባት ንምርኻብ ክተሓባበሩዎ ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢ ሓበሬታ ኣመሓላሊፉ ነይሩ። ንዝረኸበ '20 ሽሕ ዶላር' ጉንፃ ክህቦ ምዃኑ'ውን ኣሎ ነይሩ።

## ሴሪኣ፡ ምስ ጀኖኣ ተፈላሊዩ

ፓትሪክ ቪየራ፡ ትማሊ 1 ሕዳር ክዕልማ ምስ ዝጸንሐ ኢጣልያዊት ክለብ ጀኖኣ ከም ዝተፈላለየ ብወግዒ ሓቢሩ።

ቪየራ፡ ዝሓለፈ ዓመት 20 ሕዳር እዩ ነዛ ክለብ ክዕልማ መዚኡት ተቐቢሉ፣ ኣብ ሰሪኣ ማብል 13 ደረጃ ሒዛ ክትዛዝም ድማ ኣኽኢልዋ።

ኣብዚ ሓዲሽ ወቕቲ ስፖርት ግን፡ ካብ ትሽዓተ ናይ ሊግ ግጥማት፡ ብዘይዝኾነ ዓወት - ኣብ ሰለስተ ማዕረ ዝተረፈ ተሳዒራ፡ ኣብ መወዳእታ (መበል 20) ክትሰርዕ ተቐሲባ ኣላ።

ብዝተመዝገበ ወጽኢት ዘይዓገበት እዛ ክለብ፡ ትማሊ ኣብ ዘውጸኣቶ መግለጺ፡ "ቪየራ፡ ካብ ሕጂ ንደሓር፡ ኣሰልጣኒ ጋንታ ጀኖኣ ኣይኮነን" ክትብል፡ ንእኡን መሳርሕቱን ጸቢቕ ዕድል ተመኒያ፡ ኣፋኒያቶም።

ቪየራ፡ ብሓፈሻ ነዛ ጋንታ ኣብ ኩሉ ውድድር ኣብ 37 ግጥማት ክመርሓ እንከሎ፡ 10 ዓወት፡ 12 ማዕረ፡ 15 ከኣ ስዕረት ኣመዝጊቡ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

ዌስት ሃም - ኒውካስል 5:00 ድ.ቀ

ማን ሲቲ - ቦርንማውዝ 7:30 ድ.ቀ

**ላ'ሊጋ**

ባርሴሎና - ኢልቼ 8:30 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ኤሲ ሚላን - ሮማ 10:45 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

**ፕሪመር ሊግ**

ሳንደርላንድ - ኤቨርተን 11:00 ድ.ቀ

## ዜና ብሓጺሩ

* ባርሴሎና፡ 21 ታሕሳስ ኣንጻር ቪያሪያል ክተካይዶ ተመዲቡ ዝነበረ ጸወታ፡ ናብ 20 ታሕሳስ ክትሰሓቦ፡ ናብ ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ስጳኛ ሓቲታ።

እዛ ጋንታ፡ 22 ታሕሳስ ኣንጻር ናይ ፔሩ ምሩጻት ተጻወትቲ ናይ ምሕዝነት ክትጻወት ብምድላያ እያ፡ ክትቕየረላ ሓቲታ።

* ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ - ኢንድሪክ ናብ ሊዮን ብልቓሕ ክሰጋገር ማዕጾ ተራሕዩሉ።

ብሓዲሽ ዓሰልጣኒ ዣቢ ኣሎንሶ ዘይምረጽ ዘሎ ኢንድሪክ፡ ንዝሓሸ ናብ ምስላፍ ዕድል ክወጽእ ምዃኑ እዩ ክሕበር ቀጺሉ። ኣብ ወርሒ ጥሪ ከኣ፡ ብልቓሕ ናብ ሊዮን ዘቐንዕ ይመስል።

## "ሪያል ማድሪድ፡ ብዘይጥርጥር ናይ ዓለም ዝበለጸት ክለብ እያ" ምባፐ

ፈረንሳዊ ብሉጽ ተጻዋታይ - ኪልያን ምባፐ፡ ኣብ ዓለም እታ ዝበለጸት ክለብ፡ ሪያል ማድሪድ ምዃና ገሊጹ።

ምባፐ፡ ዝሓለፈ ዓመተ-ስፖርት ካብ ፒኤስጂ ናብ ሪያል ማድሪድ ብናጻ ከምዝተጸንበረ ይዝከር። ዩኤፋ ሱፐር ካፕ (ናይ ዕወታት ዕወትቲ) ከምኡ'ውን ኣብ 2024 ንዝጀመረ ፊፋ ኢንተርኮንቲነንታል ካፕን ዓቲሩ። ኣብ ሰሩዕ ዓመት ውድድር ግን፡ ወላ'ኳ ብውልቁ ብሉጽ ብቑዓት እንተኣርእዩ፡ ምስ ክለቡ ዋንጫ ላ'ሊጋ ኮነ ዓቲርዋ ዘይፈልጥ ሻምፕዮንስ ሊግ ክልዕል ኣይከኣለን። ብኣንጻሩ ዝተፋነዋ ፒኤስጂ፡ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ምዕታራ ኣይርሳዕን።

ምባፐ፡ ኣብቲ ወቕቲ ድሒሩ ናብ ህርመት እታ ክለብ ብምእታው፡ ናይ 2024-25 ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሾቶ ኤውሮጳ ዝተባህሉ ወርቃዊት ጫማ ተሸሊሙ እዩ።

እዚ ኣጥቃዓይ፡ ብዛዕባ ሪያል ማድሪድ ናብ ቅድም ክለቡ ፒኤስጂ ዘሎ ፍልልይ ኣብ ዝተሓተቶ፡ "ኣዝየን ዝተፈላለያ ክለባት እየን፣ ዝተፈላለየ ታሪኽ'ውን ኣለወ። ፒኤስጂ ንእሽቶ ክለብ እያ። ብኣንጻሩ ሪያል ማድሪድ፡ ናይ ነዊሕ ዓመታት ታሪኽ ኣለዋ" ኢሉ።

ንሱ ወሲኹ፡ "ብዘይጥርጥር ማድሪድ ዝበለጸት ክለብ ናይ ዓለም እያ። ፒኤስጂ ከኣ፡ ምስተን ሓንቲ ካብተን ዝበለጻ፡ ክልተኣን ዝተፈላለ ርድኢት ኵዕሶ እግሪ እዩ ዘለወን፣ ኣካለን ምዃነይ ድማ የኹርዓኒ እዩ" ክብል ደረጃኣን ገሊጹ።



ብዘይካ'ዚ፡ ነዛ ወርቃዊት ጫማ ትማሊ ዝተሸለማ ምባፐ፡ ንብዙሕ ዓመታት ኣብ ማድሪድ ክጸንሐን ብዙሕ ዋናጩ ክዕትርን ከምዝደሊ ገሊጹ። ነዛ ሽልማት ንፈለማ ግዜኡ ዝተዓወተላ እዚ ወዲ 26 ዓመት መንእሰይ፡ ኣብዚ ወቕቲ'ውን፡ ብብሉጽን ብቑዓትን ልዑል ናይ ሸቶ ምምዝጋብ ሸውሃተን እዩ ተበጊሱ ዘሎ። ድሮ ኣብ ኣብ 10 ናይ ላ'ሊጋ ግጥማት (ናይ ትማሊ ምሸት ከይተደመረ)፡ 11 ሸቶታት ኣመዝጊቡ ይርከብ።

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ በራኺ
ፋርማሲ ቪያ ጅዳ
ፋርማሲ ኢምፔሮ

ዕለት
02/11/2025

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ

ጎደና
ኮቢ ፊያትታሊሮ ፊት ቶታል መዐደሊ ነዳዲ
ጎደና ሰጋለት ቀታን ቁ.6፡ (ቪያጅዳ)
ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ሲነማ ኢምፔሮ

ቁ.ቴሌፎን 127565

ቁ.ስልኪ
071472264
07138002
121480